
# ትዩበርኩሎሲስ

## ብዛዕባ እዚ ሕማም፡ ፍወሳኡን ኣገባብ ምክልኻሉን



Public Health Agency

# ትዩበርኩሎሲስ

ትዩበርኩሎሲስ (ቲ.ቢ.) ዝበዝሕ እዋን ንሳናቡእ ዘጥቅዕ ዓይነት ሕማም ክኸውን እንከሎ፡ ንዝኾነ ይኹን ክፍሊ ኣካላት ክጸሉ ዝኽእል እውን እዩ።

ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ዓመታዊ ቍጽሪ ተርእዮታት ሕማም ቲ.ቢ. ኣስታት 5,000 ዝበጽሕ ክኸውን እንከሎ፡ ብገምጋም እቶም 60 ካብ`ዚ ኣብ ሰሜን ኣየርላንድ ዘጋጥሙ እዮም።

ሕማም ቲ.ቢ. ብቐሊሉ ዝሕዘና ኣይኰነን – ብሕማም ቲ.ቢ. ምስ እተጠቕዐ ሰብ ኣካላዊ ምቅርራብ ብዘለዎ እሞ ድማ ንንውሕ ዝበለ እዋን ክንዋሳእ ኣለና (ንኣብነት፡- ከም ኣባላት ስድራ-ቤት ብሓደ ምቕማጥ)። ይኹን`ምበር፡ እንታይ ከምዘዳንፍ ስለዘይፍለጥ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ናብ ሕክምና ክንቀርብ ምእንቲ ክንክእል፡ ኲሉ ሰብ ብዛዕባ ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. ዝመጸ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ።

**ሕማም ቲ.ቢ. መስርሕ ፍወሳኡ ብዝግባእ ምስእንከታተሎ፡ ፍሉያት ጸረ-ነፍሳት መድሃኒታት ብምውሳድ ክፍወስ ዝኽእል እዩ።**



# ሕማም ቲ.ቢ. ብኸመይ ይላባዕ፤ ብእኡ ክልከፍ ከ ተኽእሎ ኣሎኒ ዶ?

ሕማም ቲ.ቢ.፡ ናብ ካልእ ሰብ ክሰጋገር ዝኽእል ሕማም ኣብ ሳንቡኡ ወይ ጐረሮኡ ካብ ዘለዎ ሰብ ጥራይ ብቐጥታ ክመሓላለፍ ይኽእል። ሕማም ቲ.ቢ.፡ እቶም ዝለኸፎም ሰባት ክስዕሉ ወይ ከሀንጥሱ እንከለዉ ብኣየር ዝመሓላለፍ እኳ እንተኾነ፡ ክላባዕ እንተኾይኑ ግን፡ ሰብ ንንውሕ ዝበለ እዋንን ብቐረባን ምስ`ዞም ዓይነት ሰባት ክታናኸፍ ኣለዎ።

ኩሉ ብሕማም ቲ.ቢ. ሳናቡእ እተጠቕዐ ሰብ ኣይኮነን ናብ ካልእ ሰብ ዘመሓላልፍ። እቶም ናብ ካልእ ሰብ ሕማም ዘመሓላልፉ ሰባት እውን ንመስርሕ ፍወሳኦም ብዝግባእ እንተተኻታቲሎሞ፡ ነቲ ናይ ምምሕልላፍ ተኽእሎ ቀልጢፎም እዮም ዝቒጽይዎ – ብሓፈሻኡ ድሕሪ ክልተ ሰሙን

ዝኾነ ይኹን ብሕማም ቲ.ቢ. ክተሓዝ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ገለ ሰባት ግን ብዝያዳ ተጠቃዕቲ እዮም። እዞም ዓይነት ሰባት እዚኣቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ክመሓላለፍ ብዝኽእል ሕማም ቲ.ቢ. ምስ እተጠቕዐ ሰብ ኣብ ሓንቲ ስድራ-ቤት ዝነብሩ ወይ ድማ ምስ ከም`ዚ ዓይነት ሰብ ንንውሕ ዝበለ እዋን ብቐረባ ክዋስኡ ዝጸንሑ ሰባት፣
- ጥዕና ዘይህብ ወይ ጻዕቂ ሰባት ኣብ ዘለዎ ኩነታት ዝነብሩ ሰባት፤ ማለት እንተላይ ቤት-ኣልቦን ዝኾኑ ሰባትን ከማታቶም ዝኣመሰሉን፣
- ልዑል ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ ዘለዎ ከባቢ ንነዊሕ እዋን እተቐመጡ፡ ዝሰርሑን ዝጸንሑን ሰባት፣
- ቀደም፡ ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ`ዚ ሃገር ኣዝዩ ልሙድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ መንእሰያት እንከለዉ በዚ ሕማም ተጠቂዖም ዝነበሩ ሰባት፣
- ሃገረ-መበቆሎም ካብ`ተን ልዑል ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ዘለወን ሃገራት ዝኾነ ወለዲ ዘለውዎም ህጻናት፣
- ናብ ቤት-ማእሰርቲ ኣትዮም ዝፈልጡ ሰባት፣
- ብሰንኪ ሕማም (ንኣብነት ኤች.ኣይ.ቪ.) ድዩስ ፍወሳዊ መስርሕ፡ ኣካላቶም ረኽሲ ሕማማት ዘይጻወር (immunosuppressed) ሰባት፣
- ጽግዕተኛታት ኣደንዘዝቲ ባእታታት ወይ ኣልኮል ዝኾኑ ሰባት፣
- ጥዕናኦም ንምሕላው ዘብቅዖም እኹል መጠን መግቢ ዘይወስዱ ሰባት።


# ሕማም ቲ.ቢ. ከምዝሓዘንን ከምዘይሓዘንን ከመይ ገይረ እፈልጥ?

እቶም ልሙዳት ዝበሃሉ ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. እዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱን ካልኦትን እዮም፡-

- ዘየቋርጽን ንሰሙናት እናበኣሰ ዝኸይድን ስዓል/ትኽትኽታ፣
- ምኽኑይ ዘይኰነ ምንቍልቋል ክብደት ኣካላት፣
- ኣካላዊ ረስንን ከቢድ ርሃጽ ለይትን፣
- ሓፈሻውን ዘይንቡርን ኣካላዊ ድኻምን ስምዒት ዘይምጥዓይን፣
- ኣብ እዋን ትኽትኽታ፡ ደም ከም ዓኻታ ምውጻእ።

**እዚኣቶም ኵሎም ምልክታት ናይ ካልእ ሕማም እውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ምልክታት እዚኣቶም እንተተራእዮምና እሞ እንተተሻቕልና፡ ንዶክተር ወይ ኣብ ከባቢና ኣብ ዝርከብ ክሊኒክ ንዝ(እት)ነጥፍ ነርስ ነዘራርብ።**

ብሕማም ቲ.ቢ. ከም እተለኽፈ ብሕክምና ምስ ዘረጋገጸ ሰብ ብቐረባ እንዋሳእ ሰባት ምስእንኸውን እሞ እቲ ሕማም እቲ ናባና ንኽመሓላለፍ ተኽእሎ ምስዝህልዎ፡ ፍሉይ ክእለት ብዘለዎም ሞያውያን ዝቼመት ጕጅለ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብረልና እያ።



ንነዊሕ እዋን ዝቐጸለ ትኽትኽታ

ምንቍል ቋል ክብደ ት ኣካላት

ኣካላዊ ረስኒ

ርሃጽ ለይቲ

ኣካላዊ ድኻም

ዓኽታ ደም

# ብሕማም ቲ.ቢ. እንተተጠቒዐ ክፍወስ እኽእል ዶ?

እወ፤ ሕማም ቲ.ቢ. ፍሉያት ጸረ-ነፍሳት መድሃኒታት ብምውሳድ ክፍወስ ይኽእል እዩ። መስርሕ ፍወሳ ምስጀመርና፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ኣስታት ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ሰሙናት እዋን ክሕሸና ይግባእ። መስርሕ ፍወሳ ብሙሉኡ ግን፡ እንተ ወሓደ፡ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክወስድ ይግባእ። ካብ ሕማም ቲ.ቢ. ሙሉእ-ብሙሉእ ክንሓዊ እንተኄንና፡ ንብሙሉኡ እቲ ዝእዘዘልና ናይ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ተኻታቲልና ክንወስዶ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ምስዘይንገብር፡ እቲ ረኽሲ ብዝገደደ መልክዑ፡ ማለት በቶም ዝወሰድናዮም መድሃኒታት ከም ዘይፍወስድ ኰይኑ ክምለሰና ይኽእልን ንምፍዋሱ ኣጸጋሚ ይኸውንን። ነዚ ዝኸበደ ዳግማይ መልከፍቲ እዚ ድማ ናብ ኣባላት ስድራ-ቤትናን ፈተውትናን ከነመሓላልፎ ተኽእሎ ይህልወና። **ግቡእ ፍወሳ ዘይረኸበ መልከፍቲ ሕማም ቲቢ ናብ ሞት ከምርሕ ይኽእል።**

# ንሕማም ቲ.ቢ. ብኸመይ ክንከላኸሎ ንኽእል?

እቲ ዝያዳ ኣገዳስን ውጽኢታውን ዝኾነ - ለብዒ ሕማም ቲ.ቢ. እንከላኸለሉ ኣገባብ፡ በቲ ሕማም እተለሕፉ ሰባት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ነጸርታ ከምዝረኽቡን ሙሉእ መስርሕ ፍወሳ ከም ዝግባእ ከምዝከታተሉን ምግባር እዩ። ዝነበሩ ምትንኻፋት ምዝካር፡ ዝምልከቶም መቕርብ ዝኾኑ ሰባት፡ መርመራ ገይሮም ብሕማም ቲ.ቢ. ከምዘይተጠቕዑ ኣብ ምርግጋጽ ሓጋዚ እዩ። መቕርባት ዝበሃሉ፡ ክላባዕ ብዝኽእል ሕማም ቲ.ቢ. ምስ እተለኽፈ ሰብ ንንውሕ ዝበለ እዋን ክዋስኡ ዝጸንሑ ሰባት ኲይኖም፡ ከም ንቡር፡ ብሓባር ዝነብሩ ሰባትን ሰብ-ዝምድናን የጠቓልሉ።

**www.nice.org.uk/guidance/ng33**

ሕማም ቲ.ቢ. ንምክልኻል ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ጠቕሚ ክውዕል ዝጸንሐ ክታበት (BCG) ኣሎ። ክታበት BCG፡ ነቲ ኣብ ህጻናት ብኸቢድ ከንጸላሉ ዝኽእል ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ ምግታእ ዝያዳ ውጽኢታዊ እዩ። ይኹን`ምበር ክታበት BCG ካብ ኵላቶም ተኽእሎታት ሕማም ቲ.ቢ. ይከላኸል ማለት ስለዘይኰነ፡ ንምልክታትን ኣንፈታትን ሕማም ቲ.ቢ. ክንፈልጦም ገና ኣገዳሲ እዩ።



# ክታበት BCG ከመይ ንዝኣመሰሉ ሰባት እዩ ዝወሃብ?

ልክዕ ከም ናይ ካልኦት ሃገራት፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ድማ ክታበት BCG ነዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ዘለዉ ዓይነት ሰባት ይወሃብ፡-

- ልዑል መጠን ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ ዘለዎ ቦታ ስለዝቕመጡ ድዩስ ወለዶም ይኹኑ ወለዲ-ወለዶም ካብ`ተን ናብ ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ዝያዳ እተቓልዓ ሃገራት ዝመጹ ስለዝኾኑ፡ ካብ ሓፋሽ ንላዕሊ ብዝያዳ ምስ`ቶም ብሕማም ቲ.ቢ. እተጠቕዑ ሰባት ምትንኻፍ ክህልዎም ይኽእል እዩ ዝበሃሉ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፣
- ውጽኢት ናይ ሕማም ቲ.ቢ. መርመራኦም ኣሉታዊ ዝኾነ - ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፡ እሞ ክመሓላለፍ ብዝኽእል ሕማም ቲ.ቢ. ምስ እተጠቕዐ ሰብ ንንውሕ ዝበለ እዋን ብቐረባ ክዋስኡ ዝጸንሑ ሰባት።

እዚ ክታበት እዚ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ገንዘባዊ ክፍሊት ዝወሃብ ኰይኑ፡ ቈልዓ ውልድ ምስ በለ፡ ኣብ ሆስፒታል ወይ ናብ ገዝኡ ምስተላእከ ብቕልጡፍ ዝወሃብ እዩ። ምስ ዘለውዎ ቦታ ዘለዎም ደረጃ ተቓላዒነት ናብ ሓደጋ ልዑል ክሳብ ዘይኰነ፡ ክታበት BCG እቶም ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ህጻናት እንተዘይወሰድዎ ተመራጺ እዩ። እዞም ሰባት ከኣ ንገለ ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕናን ላቦራቶሪን ዘጠቓለሉ እዮም።

ዕድሜና ትሕቲ 16 ዓመት ኰይኑ፡ ልዑል መጠን ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ ዘለዋ ሃገር ንልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ክንሰርሕ ወይ ክንነብር እንተኺንና፡ ክታበት ሕማም ቲ.ቢ. ክንወስድ ኣገዳሲ እዩ። ዝከታተለና ዶክተር ንዝነጥፈሉ ትካል ከባብያዊ ሓፈሻዊ ሕክምና ወይ ክሊኒክ ንወከስ።

እቶም ምስ ሕማም ቲ.ቢ. ብዝተኣሳሰር ፍሉይ ኵነተ-ተኣፋፍነት ዘለዎም ሰባት ጥራይ እዮም ክታበት BCG ዝወስዱ።

# ሕማም ቲ.ቢ. - ልሙዳት ስክፍታታት

መብዛሕትኦም ኣብ ሰሜን ኣየርላንድ ዝነብሩ ሰባት፡ ብሕማም ቲ.ቢ. ምስ እተጠቕዐ ሰብ ብፍጹም ክራኸቡ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ሰሜን ኣየርላንድ ብሕማም ቲ.ቢ. ንኽትጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎ ትሑት እዩ። ይኹን`ምበር፡ ሰባት ብዛዕባ ምልክታት ሕማም ቲ.ቢ. ኰነ
ብዛዕባ እቶም ዝላብዓሎም መገድታትን ኣገባብ ፍወሳኡን ዝመጸ ኣፍልጦ ክህልዎም ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ`ውን ሰባት ብዛዕባ እቲ ክዉን ዝኾነ ንገዛእ-ርእሶምን ንስድራ-ቤታቶምን ናብ ሓደጋ ዘቃልዖም ምኽንያት ክፈልጡ ኣገዳሲ እዩ።

### ህዝባዊ መጓዓዝያን ዕጹዋት ህዝባውያን ቦታታትን

ህዝባዊ መጓዓዝያ ምጥቃምን መዓልታዊ ንጥፈታት ንምስላጥ እንገብሮም ምንቅስቓሳትን ናብ ሓደጋ ሕማም ቲ.ቢ. ዘቃልዑ ኣይኰኑን።



## ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ

ሳሕቲ ዘጋጥም እኳ እንተኾነ፡ ከቢድ ፍርሒ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ብሕማም ቲ.ቢ. ዝጥቅዑ ህጻናት፡ ነቲ ሕማም ኣብ ቤቶም ኰነ ኣብ ቤት-ትምህርቶም ዳርጋ ከሰጋግርዎ ኣይክእሉን እዮም።  ብሓፈሻኡ፡ ንህጻናት ሕማም ቲ.ቢ. ሳናቡእ ካብ እተጠቕዑ ዓበይቲ እዩ ሕማም ቲ.ቢ. ዝለግቦም። ናብ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝመላለስ ህጻን፡ ሕማም ቲ.ቢ. ብነጸርታ ምስዝርከብ፡ ነቶም ምስኡ ዝቕመጡ ኣባላት ስድራ-ቤቱን ነቶም ብቐረባ ዝዋስእዎም መቕርብ ስድራ-ቤቱን መርመራ ይግበረሎም። እቲ ምንጪ ለብዒ ሕማም፡ ኩሉ ሳዕ፡ ኣባል ስድራ-ቤት ወይ ብሓባር ዝቕመጥ ሰብ ኰይኑ እዩ ዝጸንሕ።

ኣብ መዳይ ህዝባዊ ጥዕናን ተላባዕቲ ሕማማትን እትነጥፍ ሓንቲ ጒጅለ ዓውደ-ብዙሕ ዕማም፡ ነቲ እቲ ተማሃራይ ተጠቒዑሉ ዝጸንሐ ዓይነት ሕማም ቲ.ቢ. ምስ ጠባይ ተላባዒነቱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንተኽእሎ ሓደጋ ዝምልከት ፍሉይ ክኢላዊ ገምጋም ቤት-ትምህርቲ ከተካይድ እያ። እቲ ሕማም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክመሓላለፍ ቀሊል ዘይኰነ ደረጃ ተኽእሎ ዘለዎ ዘሰክፍ ኵነታት ኣብ ዝፍጠረሉ፡ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ምስ ማዕከን ሕድሪ ኤች.ኤስ.ሲ./HSC ምስ ዝምልከቶ ቤት-ትምህርቲ ብቐረባ ብምስራሕ ነቶም ምስ`ቲ ሰብ ብቐረባ እተዋስኡ ሰባት ከለልይዎም እዮም። ዝኾነ ይኹን "ናብ ተኽእሎ መልከፍቲ ሕማም ቲ.ቢ. ተቓሊዑ እዩ" ዝበሃል ሰብ መርመራ ንኽገብር ሕቶ ክቐርበሉ እዩ፤ ኣድላዪ ኰይኑ እንተተረኺቡ ድማ ክሕከም እዩ።

ሓደ ክንዲ-ሰብ ዝኣኽለ ሰራሕተኛ ቤት-ትምህርቲ፡ ናብ ካልኦት ክመሓላለፍ ዝኽእል ደረጃ ዘለዎ ሕማም ቲ.ቢ. ምስዝርከቦ፡ ናይ ህዝባዊ ጥዕና ምኽሪ ምስተለገሰሉ፡ ደቂ እውን መርመራ ክግበረሎም ተኽእሎ ኣሎ።

# ተወሳኺ ሓበሬታ

## ልዑል መጠን ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ዘለወን ሃገራት

ዝርዝር ኣስማት ናይ`ተን ልዑል መጠን ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ. ዘለወን ሃገራት፡ ካብ ውህሉል ሓበሬታ ናይ ትካል ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) እተወስደ ኲይኑ፡ ኣብ`ዚ ዝስዕብ ገጽ ብቐጥታ ክርከብ ይከኣል፡-

**www.gov.uk/government/publications/tuberculosis-tb-by-country-rates-per-100000-people/who-estimates-of-tuberculosis-incidence-by-country-and-territory-2020-accessible-text-version**

## ትካል ንቕሓት ኣብ ጉዳይ ሕማም ቲ.ቢ. (TB Alert)

ንገዛእ-ርእስና፡ ንኣባላት ስድራ-ቤትናን ፈተውትናን ካብ ሕማም ቲ.ቢ. ክንከላኸል ዘኽእለና ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንዝከታተለና ዶክተር ከነዘራርብ ወይ ንትካል ንቕሓት ኣብ ጉዳይ ሕማም ቲ.ቢ. ክንውከስ ንኽእል ኢና። ትካል ንቕሓት ኣብ ጉዳይ ሕማም ቲ.ቢ.፡ ኣብ ሕማም ቲ.ቢ. ዘድሃበ ህዝባዊ ንቕሓት ኣብ ምዕባይ፡ ከምኡ`ውን ብዓለም ደረጃ ኣንጻር ሕማም ቲ.ቢ. ኣብ ምቕላስ ዝነጥፍ ትካል ግብረ-ሰናይ እዩ።

**www.tbalert.org**

22 Tiverton Road
London
NW10 3HL

ኢ-መይል፡- **contact@tbalert.org**

## መኽፈቲታት ናይ ጠቓምቲ ገጻት መርበብ፡-

**www.nidirect.gov.uk/news/important-recognise-tuberculosis-tb- symptoms-early**

**www.publichealth.hscni.net/directorate-public-health/health-protection/tuberculosis**

HSC Public Health Agency

**Public Health Agency**
12-22 Linenhall Street, Belfast BT2 8BS.
Tel: 0300 555 0114 (local rate).
www.publichealth.hscni.net

ዚ ርክቡና፡-